
# ብምኽንያት ኖቨምበር 11
# መዓልቲ ስዉኣን ኤርትራን ከምኡ'ውን
# Remembrance Day ንኤርትራውያን ዝቐረበ መዝከር

**ኖቨምበር 11፡ 2106**






**" . . . ነዚ ውድብ መንዲሎም ጌሮሞ።"**

**<u>ቃል ክቡር የማን ተኽለገርግሽ</u>**
**ዲሰምበር 20፡ 2013**
**ምስ ድምጺ ወጋሕታ፡ ክፋል 11 ዝገበሮ ቃለ ምሕተታ።**

**. . . ሕጂ ካብቲ ካልእ ውሳኔታት ኣብዚ እዋን ዝሓለፈ፡ እቲ ናይ መንካዕ ተንቀሳቓሽቲ ናይ ሞት ፍርዲ ኢዩ። ሙሴ ተስፋሚካኤል፡ ዮውሃንስ ስብሃቱ፡ ታረቀ ኣፈወርቂ (ኣምሓራይ) እዚኦም ንሞት ከምዝፍረዱ ክግበር ከሎ፡ ኢሳያስ እዚ'ውን ብጉልባብ ናይቲ ውሳኔ ኢዩ ኣሕሊፍዎ፡ እቲ ናይ ሞት ውሳኔ ማለት'ዩ። እቲ ውሳኔታት፡ ናቱ ውሳኔ ኢዩ። . . . ከምኡ'ውን እተን ክልተ ደቀንስትዮ፡ ኣበራሽ መልከን ደሃብ ተስፋጼንን ርፍትያ ክኸዳ ከለዋ፡ ወርቁ ዘርኣይ እንተደልያ ክትጋደል ከምትኽእል፡ ተጠቒሱ ማለት ኢዩ ወይድማ ተወሲኑ ማለት'ዩ። . . . እዚኦም ሙሴ ተስፋሚካኤልን የውሃንስ ስብሃቱን ክሳብ 1985፡ ወርሒ 6፡ ብሂወት ኣብ ቤት ማሰርቲ ከምዝነበሩ ኣረጋጊጸ እፈልጥ ኢየ።**

<u>መብርሂ 1</u>፡ ክቡር የማን ተኽለገርሽ፡ ኣባል ሕቡእ ሰልፊን (ህዝባዊ ሰውራዊ ሰልፊ ኤርትራን) እንዳ 72ን (ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ KGBን) ነበር፡ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት፡ ንህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ጠንጢኑ፡ ሕጂ ሰላማዊ ናብራ ኣብ ጀርመን ዝመርሕ ዘሎ ወደባት ኢዩ።

<u>መብርሂ 2</u>፡ የማን፡ "ሕጂ ካብቲ ካልእ ውሳኔታት ኣብዚ እዋን ዝሓለፈ . . .": ዝበሎ ዘሎ፡ 1ይ ወድባዊ ጉባኤ ኣመልኪቱ ኢዩ። 1ይ ወድባዊ ጉባኤ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ 23 - 31 ጃንዋሪ፡ 1977፡ ኣብ ፋሕ፡ ሳሕል ተኻየደ።

<u>መብርሂ 3</u>፡ ኣበራሽ መልከን ደሃብ ተስፋጼንን ክርፈታ፡ ወርቁ ዘርኣይ ከኣ፣ እንተደልያ ክትጋደል ምርጫ ከምዘለዋ፡ 1ይ ወድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ወሲኑለን ተባሂሉ፡ ብወግዒ ንኣባላት ሕቡእ ሰልፊ (ህዝባዊ ሰውራዊ ሰልፊ ኤርትራ) ተገሊጹ ነበረ። እዚ ወግዓዊ ዘረባ፡

ንብዓት ሓርገጽ ኢዩ ኔሩ። እቲ ሓቁ፡ ሰለስቲኣን ደቀንስትዮ ብኢሳያስ ተቐቲለን ኢየን።

<u>ቃል ክቡር የማነ ተኽለገርግሽ</u>
ሰፕተምበር 25፡ 2014
ምስ ድምጺ ኣሰና፡ ክፋል 10 ዝገበሮ ቃል ምሕተታ።

. . . ኣብቲ ተኣሲረዮ ዝነበርኩ፡ በዓል ሙሴ ተስፋሚካኤልን በዓል ዮውሃንስ ስብሃቱን ኣብኡ ኔሮም፡ ኢሉኒ። እምባእ! ክኣምኖ ኣይከኣልኩን። ከመይ ጌርካ ከምዚ ትዛረብ ኣለኻ? ኢለዮ። እዚኦም ድኣ 77፡ ምሽ ሞት ተፈሪዲም ተባሂልና፡ ብወግዒ ኣዋጅ መጺኡ፡ ኣንቢብናዮ ኢና ኢለዮስ፡ እወ ኢሉኒ። የማነ፡ ኣነ ነቶም ደቂ፡ ቀደም እፈልጦም እየ፡ ኢሉኒ። . . . ሕጂ ኸኣ ኣረጋጊጸ ርእዮም ኢየ፡ ይፈልጥ'የ፡ ደሓር ከማን ነቲ ሓደ ዋርድያ ሓቲተዮ፡ እሞ እንታይ ኴንካ ኢሉኒ፡ እወ ንሶም ኢዮም ኢሉኒ። . . . ሕጅስ ናይ ብሓቂ ነብሶም ተባላሽዩ፡ ሕማቕ 12 ዓመት ምሉእ ተኣሲሮም ኣለዉ፡ ኢሉኒ። ብጣዕሚ ዘሕዝን'ዩ እቲ ጭኻነ ናይ ኢሳያስ።

<u>መብርሂ</u>፡ "ኣነ ነቶም ደቂ፡ ቀደም እፈልጦም ኢየ፡ ኢሉኒ። . . . ሕጂ ኸኣ ኣረጋጊጸ ርእዮም ኢየ . . ." ኢሉ ንየማነ ብዛዕባ ሙሴን ዮውሃንስን ዝገልጸሉ ዘሎ ሰብ፡ ሃይለ ዓማ ዝተባህለ ተጋዳላይ ናይ ህዝባዊ ግንባር ኮይኑ፡ ንየማነ ጽቡቕ ጌሩ ዝፈልጦ፡ ምስ የማነ ኣብ ከቢድ ብረት ዝነበረ ከምኡ'ውን ኣባል ሕቡእ ሰልፊ (ህዝባዊ ሰውራዊ ሰልፊ ኤርትራ) ነበር ኢዩ። ሃይለ ዓማ፡ ጉድለት ፈጺምካ ተባሂሉ፡ ን2 ዓመትን ፈረቓን፡ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ተኣሲሩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብኢስያስ ምሕረት ተጌሩሉ፡ ካብ ሓለዋ ሰውራ ነጻ ወጺ። ሃይለ ዓማ፡ ነጻ ምስ ወጸ፡ ብኣጋጣሚ ምስ የማነ ተራኺቡ ነበረ። ሃይለ ዓማ፡ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ተኣሲሩ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ንሙሴን ዮውሃንስን ባዕሉ ከምዝራኣዮም፡ ንየማነ ገለጸሉ።

**ክቡር ፎሮ 12፡ ኣባል ሓለዋ ሰውራን ሕቡእ ሰልፍን ነበር፡ ኣብ Eritrean Smerr for Change Room 1 ፡ Part 5፡ ኣብ ኦገስት 3፡ 2016 እዚ ዝስዕብ መግለጺ ሃበ።**

**ብፍላይ ብፍላይ ናይ 73፡ ሽው ዝተቐትሉ'ዩ ዝመስሎ ተጋዳላይ። ኖእ! ውሑዳት ኢዮም ሽው ተቐቲሎም። ጸኒሖም ኢዮም ካልኦት። . . . ናይ 73 ኣባላትን ናይ የሚንን፡ ጽቡ'ቕ ጌሮም ብፍላይ ኣብ ዓራግ ቅድሚ ምዕጻዉ ዝተቐተሉ፡ ላዕላይ ዓራግን ታሕታይ ዓራግን፡ 80 መፈረ'ቕታ ኢዩ። ፍርቂ ናይ 80 . . . ።**

**ብኣጠቓላሊ፡ ካብ ክቡር የማነ ተኸለገርግሽን ክቡር ፎሮ 12ን፡ እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ብጭብጢ ክእከብ ተኻኢሉ ኣሎ።**

**<u>1. ስቅያት</u>፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ንሙሴ ተስፋሚካኤልን ንዮውሃንስ ስብሃቱን፡ ካብ 1973 ክሳብ 1985፡ መጀመርታ ን12 ዓመታት ኣብ ማእሰርቲ ሓለዋ ሰውራ፡ መፈጦር ወዲ ሰብ ዘጽልእ፡ ሕሱም ስቅያት ከምዘሕልፉ ገበሮም።**

**<u>2. ሞት</u>፡ መጨረሽትኡ፡ ኣብ 1985፡ ኣብ ዓራግ ቀተሎም።**

**ን12 ዓመታት፡ መፈጦር ወዲ ሰብ ዘጽልእ፡ ሕሱም ስቅያት ምሕላፍ፡ እንታይ ማለት ከም ምዃኑ? ኣብ ታሕቲ ክገልጾ ኢየ። ቅድሚኡ ግን ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ፡ እንታይ ኢዩ ኔሩ ምስጢሩ? ናይ ብሓቂ፡ ከምቲ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝግለጽ ምስጢር ኔርዎ ዲዩ? ሙሴን ጆንን መን ኢዮም? ብግቡእ ክንፈልጦ መታን እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ከቕርበልኩም እፈቱ።**

**<u>ምስጢሩ ባዶ ዝኾነ ምስጢር</u>**

**ክቡር ተጋዳላይ ሙሴ ተስፋሚካኤል፡ ናይ ዩኒቨርስቲ ትምህርቱ ድሕሪ ምውድኡ፡ ስለ ህዝቡ ንሜዳ ዝተሰለፈ ሃገራዊ ኢዩ። ሙሴ ወተሃደራዊ ታዕሊም ወዲኡ፡ ተጋዳላይ ኮይኑ ክንቀሳቐስ ምስጀመረ፡ በሊሕ**

ተጋዳላይ ብምንባሩ፡ ንስሑዕ ባህርያት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ቀልጢፉ ከለለዮ ጀመረ። ኣብ 1973፡ ሙሴ ንበለጻዊ ኣካይዳ መሪሕነት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ክቃወም ጀመረ።

ሙሴ፡ ኣብ ኣኼባ ናይ ተጋደልቲ፡ ኣብዚ ውድብ ብዘይኣገባብ ምኻድ ንቡር ከይኑ ኣሎ፡ ዝብል ነቐፌታ ኣውረደ። ሙሴ፡ ኣባላት መሪሕነት፡ "ነዚ ውድብ መንዲሎም ጌሮሞ፡ እንተደልዩ ኣብ ጅብኦም የቐምጥዎ፡ እንተደለዩ ይድርብይዎ" ኢሉ ብድፍረት ተቓወመ ከምኡ'ውን ነቲ ስነ ስርዓት ዝጎደሎ ኣከይዳ ናይ ሓለፍቲ፡ ብሰንጥቕ ተጻረሮ። ኣብቲ ኣኼባ፡ ጸጋይ ቀሺ ዘተባህለ ሓደ ካብቶም ሓለፍቲ ናይ E.L.F.-P.L.F. ብቑጥዐ ተሲኡ፡ ብሰለፍ ጠበንጃ ንሙሴ፡ ኣብ ርእሱ ፈገሞ። ኣብቲ ኣኼባ፡ ታዕ ታዕ ወሪዱ፡ ኣኼባ ተበተነ። ሙሴ ኣጸቢቑ ስለዝተሃስየ፡ ንረድኤት ናብ ሕክምና ከደ። በቃ እታ ሽኻ ዘባርዐት ቁልዒ ናይ 73 ተረኽቦ፡ ንሳ ነበረት።

እቲ ዝተላዕለ ቀሊልን ሃናጽን ነቐፌታ ናይ ሙሴ፡ መሪሕነት ኣብ ክንዲ ብስነ ስርዓት ምችባልን ክእረሞ ምጽዓርን፡ ነቲ ተቓውሞ ብቐጥታ ብጎነጻዊ ኣገባብ ክፈትሖ ወሰነ። ምስጢር፡ "ምንቅስቓስ 73" ንሱ ነበረ። ድሕሪ'ዚ ተረኽቦ፡ ካልኦት ቅኑዓት ሃገራውያን፡ ምስ ሙሴን ጆንን ወገኑ። ኣብቲ ውድብ፡ ኣንጻር መሪሕነት ተቓውሞ ክዓኩኽ ጀመረ።

እቲ መሪሕነት ናይ E.L.F.-P.L.F.፡ ናይ'ዞም ሃገራውያን ተቓውሞ ፍጹም ኣይተቐበሎን። መሪሕነት E.L.F.-P.L.F.፡ ላዕለዋይ ኢድ ስለዝነበሮም፡ ንሙሴን ስብሃቱን ሰዓብቶምን ከጥቅዕዎም ጀመሩ። ነቲ መሪሕነት ናይ E.L.F.-P.L.F ተቖጻጺሩ ዝነበረ ኢሳያስ፡ ከይደንጎየ ነቶም ሃገራውያን ተቓወምቲ ቀልጢፉ ኣሰሮም።

ኢሳያስ፡ ጉዳይ ሙሴን ጆንን ሰዓብቶምን ፍጹም ብሕታዊ ንብረት ናቱ ጌሩ ወሰዶ። ኢሳያስ፡ ነቲ ናይ ሃገራውያን ጉዳይ፡ "ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ" ዝብል ክፉእ ስም ኣጠመቖ። ኢሳያስ፡ "ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ"፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ከም ፍጹም ዘይግለጽ ምስጢራዊ ጉዳይ ኮይኑ ከምዝቐርብ ገበሮ። ኢሳያስ፡ ነቲ ናይ 73 ተረኽቦ፡ ንኹሎም ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ንሓዋሪቱ ከም መሳርሒ ናይ ፖለቲካዊ ስነ ኣእሙሮኣዊ ራዕዲ ክጥቀመሉ ጸንሐ። ብግብሪ ግን፡ "ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ" ኣብ ውሽጡ፡ ምስጢሩ ባዶ ዝኾነ ምስጢር ኢዩ ኔሩ።

እቲ ምስጢር እዚ'ዩ። ናይ ዩኒቨርሲቲ ተመሃሮ ነበራት፡ ተራ ተጋደለቲ ሙሴ ተስፋሚካኤልን ዮውሃንስ ስብሃቱን ተቓውሞ ኣንጻር ዘይሕጋዊ ኣካይዳታት መሪሕነት ናይ E.L.F.-P.L.F. ኣልዓሉ። ሙሴን ጆንን፡ መሪሕነት ናይቲ ውድብ፡ ተሓታትነት ክህልዎ ጠለቡ። ነዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ተኻታታሊት ኮሚቴ ክትቀውም ከምዘለዋ፡ ሓተቱ። ጽንኩርን ዘይርትዓውን ሕግታት ወድብ ተኣልዩ፡ ተጋደልቲ ራህዋን ምትብባዕን ክረኽቡ ከምዘለዎም፡ ሓተቱ። ኮታስ ሙሴን ጆንን፡ ኣብ E.L.F.-P.L.F.፡ ኢሳያስ ንኽይግብል፡ ኣብ ሰዓቱ ናይ ተቓወሙ ድምጺ ኣስምዑ። ከምቲ ልሙድ፡ ኢሳያስ ንበዓል ሙሴን ዮውሃንስን ጨፍሊቑ ክግብል ወሰነ። ስቶሪያ፡ ኣርባዕተ ነጥቢ። ኣብ ህዝባዊ ግንባር፡ "ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ" ክንብልን ክንርዕድን ዘበናት'ዩ ሓሊፉ።

## ሕሱም ስቅያት ኣብ ሓለዋ ሰውራ

ዓይነት ማእሰርቲ ኣብ ሓለዋ ሰውራ፡ ብደረጃታት ናይቲ ተፈጺሙ ዝባሃል ገበን ይፈላለ ኢዩ። ክንደይ ዓይነታት? ንነኒ ገዲፍና፡ ብቐጥታ ናብቲ ሙሴን ጆንን ተኣሲሮምሉ ዝነበሩ ዓይነት ማሰርቲ ናይ ሓለዋ ሰውራ ንእቶ። በዓል ሙሴን ጆንን፡ ኣብቲ መፈጠር ወዲ ሰብ ዘጽልእ፡ ሕሱም ስቅያት ዘለዎ፡ ኣዚዩ ዝኸፍአ ዓይነት ናይ ማእሰርቲ፡ ኢዮም ተኣሲሮም ዝነበሩ።

### ግፍዒ ቁ. 1

24 ሰዓት/ 7 መዓልቲ፡ እሱር፡ ምስ ዝኾነ ካልእ እሱር ክዛረብ ወይ ከዕልል ኣይፍቀድን'ዩ። 24 ሰዓት/ 7 መዓልቲ፡ ኣብ ቅርበት ነቶም እሱራት ዝሕሉ ዋርድያ ኣሎ። እሱር ዝኾነ ቃል እንተኣውጺኡ፡ እዚ ዋርድያ ኣባትር ኢዩ ዘውድቐሉ።

### ግፍዒ ቁ. 2

24 ሰዓት/ 7 መዓልቲ፡ እሱር ዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስ፡ ኣብ ውሽጢ ህድሞ ናይ እሱራት ክገብር ኣይፍቀድን'ዩ። ኣብቲ ተኣሲሮሙሉ ዘለዉ ትሕቲ መሬት ዝተሃደመ ህድሞ፡ ዘወርወር ምባል ፍጹም ኩልኩል'ዩ። እሱር፡ ኣብ መደቀሲኡ ክግንቦ ጥራይ ኢዩ ዝፍቀደሉ። እሱር፡ ክሸይን፡ ቀልቀል ክወጽእ ወይ ቁማል ክቆምል እንተደልዩ፡ ክዛረብ ኣይፍቀደሉን። ዝፍቀደሉ፡ ኢዱ ሓፍ ከብል ጥራይ ኢዩ። ኣብ ቅርበት ዘሎ ዋርዲያ፡ ነቲ ኢዱ ዘልዓለ እሱር፡ ምስፈቐደሉ ጥራይ ኢዩ፡ ክዛረብ ወይ ሕቶ ክሓትት ዝኽእል።

ኣሱር፡ ኢድ ሓፍ የብል። ዋርድያ፡ እንትይ ኴንካ? ይብሎ። እሱር፡ ክሽይን ደልየ ይብሎ። ዋርድያ፡ ክሽይን ፍቓድ ይህቦ። እሱር፡ ተሲኡ ናብቲ፡ ኣብቲ ህድሞ ብጸግዒ ኩርናዕ ዝርከብ ሻንኬሎ ኣሕርእትን ሽንትን ከይዱ ይሸይን። ምስ ሸነ፡ ብቕጽበት ናብ መዳቕስኡ ተመሊሱ ክግንቦ ኣለዎ።

<u>ግፍዒ ቁ. 3</u>
እሱር፡ ኣብቲ ሻንኬሎ ኣሕርእትን ሽንትን ከይዱ ቀልቀል ምስ ወጸ፡ መዓኮሩ ክማሶግ ኣይክእልን ኢዩ። እሱር፡ 24 ሰዓት/ 7፡ ክልተ ኣእዳዉ ብፌሮ (Hand Cuffs) ዝተኣሰረ ኢዩ። ቀልቀል መታን ክወጽእ፡ ፌሮ ኣይፍታሓሉን ኢዩ። ክልተ ኣእዳዉ ዝተኣሰረ እሱር፡ ተጻጊሙ ቀልቀሉ ኣብታ ሳንኬሎ ምስደርበየ፡ ከይተማሰሰ ብቐጥታ ናብ መዳቕስኡ ተመሊሱ ክግንቦ ኣለዎ። እሱራት ስለዘይማሰጉ ኣመና ይጨንዉ ኢዮም።

ህድሞ፡ ካብቲ ሻንኬሎ ኣሕርእትን ሽንትን ዝፍኖ፡ ብናይ የሕርቲ ጨና ዝተዓብለኸ ኢዩ። ኣሱራት፡ ኣብዚ ሓርኢ ሓርኢ ዝጨኑ ህድሞ ኢዮም፡ ከም ንቡር ዝድቅሱን ዝነብሩን።

እሱራት፡ ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ፡ ንፍርቂ ሰዓት ናይ ሰብነት ምሕጻብ ፕሮግራም ስለዘለዎም፡ ነብሶም ክሳብ ዝሕጸቡ፡ ንፍርቂ ሰዓት ፌሮ ይፍታሓሎም። ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት፡ ናብ ምእሳር ፌሮ ይምለሱ።

ኣብ ጉዳይ ዓይነት መግብን ምጽጋብን እንታይ ዝኣመሰለ ስቅያት ከምዘሎ? ዘጠያይቕ ጉዳይ ኮይኑ ኣይስማዓንን። በባዕላትና ንብጻሓዮ እቲ ጥሜት።

ኢስያስ፡ ንሙሴን ንጆንን ኣብ 1985 ቅድሚ ምቕታሉ፡ ንተኸታተልቲ ዓመታት ኣብ ሓለዋ ሰውራ ሕሱም ስቅያት ከምዝሳቐዩ ጌርዎም ኢዩ። ጠባይ ናይ ኢሳያስ፡ ፋሺስታዊ ጥራይ ዘይኮነ ምሒር ጨካን ምዃኑ ክንዕዘብ ንኽእል።

ኢሳያስ፡ ንሙሴን ንጆንን ዘውረደሎም ስቅያትን ሞትን ተዓዚብና ኣሎና። ኢሳያስ'ሲ ጌሩ ኣሎ፡ እሞ ንሕና'ኸ ሕጂ እንታይ ክንገብር ንኽእል? ነዞም ቅኑዓት ሃገራውያን ብኸመይ ንደብሶም? ዝብሉ ሕቶታት ክንምልሶም ይግባእ። ንሕና'ውን ብእኩብ፡ ካብቲ ናቱ ንላዕሊ ዓቕሚ ኣሎና'ኮ ኢዩ፡ ደቀባት።

1. ጁን 20 (20 ሰነ)፡ መዓልቲ ስዋኣት ኤርትራ ዘይኮነስ መዓልቲ ፋሺስቲ ተባሂሉ ክንኩንኖ ኣሎና። ኩሉኹም ደለይቲ ፍትሒ፡ ስለ ሙሴን ጆንን ዝኣተዉዋ ጉድጓድ፡ ሕጂ መብጽዓ ክትኣትዉ፡ መድረኽ ከፊተልኩም ኣለኹ።

2. መዓልቲ ስዋኣት ኤርትራ፡ ኣብ ኖቬምበር 11 ወይም ኣብ Remembrance Day ክውዕል፡ ንኹሉኹም ደለይቲ ፍትሒ፡ መዘክር ብትሕትና የቕርብ ኣለኹ።

ክቡራን ደቀባት፡ ኢሳያስ ሙሽሙሽ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሕና ዝበርትዑ ኣባትር ኣብ ኢድና ኣለዉ፡ ጥራይ ኢየ ዝብለኩም። ኣባትርና ስለ ሙሴን ጆንን፡ ሕጂ ሓፍ ነብሎ ደቀባት።

<u>Remembrance Day</u>

ካልእ ከመሓላልፎ ዝደሊ፡ ኣገዳሲ ኣርእስቲ ብዛዕባ Remembrance Day ኢዩ። ንሕና ኤርትራውያን፡ ከም ፍረ ውጺኢት ናይ 2ይ ኲናይ ዓለም፡ ኣብ ጀንዋሪ 1941፡ ቀዳማይ ሓርነት ኤርትራ ተጎናጺፍና ኔርና ኢና።

2ይ ኲናይ ዓለም ኣብ ምድምዳሙ፡ ሰራዊት ዓባይ ብሪጣንያን ኣሜሪካን ሕብረት ሶቭየትን፡ ንዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም፡ ካብ ትሕቲ መግዛእቲ ናይ ፋሽስቲ ኢጣልያን ካብ ናይ ጀርመን ናዚዊ መግዛእትን ካብ ናይ ጃፓን መግዛእታዊ ዕብለላን ሓራ ጌሮም ኢዮም። ሓደ ካብዞም ሽዑ ሓራ ዝገበርዎም መሬታት፡ ኤርትራ ነበረት። ካልኣት ሓራ ዝኾኑ መሬታት ሃገራት ኤውሮጳ፡ ሰሜን ኣፍሪቃ፡ ርሑቕ ምብራቕ፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማሊያ . . . ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ንሕና ኤርትራውያን፡ ከም ኲሎም ናይ ሽዑ ግዙኣት ህዝብታት፡ ኣብ 1941፡ ብዓባይ ብሪጣንያ፡ ቀዳማይ ሓርነት ተጎናጺፍና ኔርና ኢና። ኣብዚ ምሕራር፡ ብዙሓት ወተሃደራት ዓባይ ብሪጣንያን ኮሞን ዌልዝን ተሰዊኦም ኢዮም። ሕጂ ዘሎና ወለዶ ኤርትራውያን፡ ነዞም ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ስውኣን፡ ከም'ቶም ናህና ስዉኣን ክንዝክሮም ሞራላዊ ሓላፍነት ኣሎና። እምበኣርከስ፡ ብዓይኒ ሃገራውን ሞራላውን ግዴታ፡ Remembrance Day ንዓና ኤርትራውያን ዝምልከት ዓቢ በዓል ምዃኑ፡ ብኣንክሮት ክንቅበሎ ኣሎና።

ንሕና ኤርትራውያን፡ ከም ኩሎም ናይ ሽዑ ግዙኣት ህዝብታት፡ ኣብ 1941፡ ብዓባይ ብሪጣንያ፡ ቀዳማይ ሓርነት ተጎናጺፍና ኔርና ኢና። ኣብዚ ምሕራር፡ ብዙሓት ወተሃደራት ዓባይ ብሪጣንያን ኮሞን ዌልዝን ተሰዊኦም ኢዮም።




<u>*መካነ መቃብር ስዉኣን ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ኣስመራ*</u>።
**ኣብ ቀዳማይ ምሕራር ኤርትራ፡ 1941፡ ሰፍ ዘይብል ወተሃደራት ዓባይ ብሪጣንያን ኮሞን ዌልዝን ኣብ ኤርትራ ተሰዊኦም ኢዮም።**

ሕጂ ዘሎና ወለዶ ኤርትራውያን፡ ነዞም ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ስውኣን፡ ከም'ቶም ናህና ስዉኣን ክንዝክሮም ሞራላዊ ሓላፍነት ኣሎና። እምበኣርከስ፡ ብዓይኒ ሃገራውን ሞራላውን ግዴታ፡ Remembrance Day ንዓና ኤርትራውያን ዝምልከት ዓቢ በዓል ምዃኑ፡ ብኣንክሮት ክንቅበሎ ኣሎና።

ኣነ ካብ 2010 ጀሚረ፡ ንRemembrance Day ብስነ ስርዓት ኣብ ዓዓመቱ፡ ከም መዓልቲ ስዉኣን ኤርትራን ከም መዓልቲ ስዉኣን ዓለምን ከኽብሮ ጸኒሓ ኣለኹ። ኣብ ናይ ለብዘበን 2016 ዓ. ም. መዓልቲ ስዉኣን ኤርትራን Remembrance Dayን፡ ሙሴ ተስፋሚካኤልን

**ዮውሃንስ ስብሃቱን ዘሕለፍዎ ስቅያትን ሞትን፡ ብግቡእ ንኽዝከር፡ እንሆ ኣቕሪበዮ ኣለኹ።**

**ንሙሴን ንጆንን ዘኪርናዮም ክንሓልፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ግቡእ ሃገራዊ ካሕሳ ክንከፍሎም ይግባኣና። ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ሓወልቲ ጁሽኪን ኣፍሪስና፡ ኣብ ቦታ ጁሽኪን ንሙሴን ንዮውሃንስን፡ ምስቲ ክሳብ ዕለተ ሞቶም ኣብ ኢዶም ተኣሲሩ ዝነበረ ፌሮ ሓወልቲ ክንሃጸሎም፡ ደለይቲ ፍትሒ ካብ ሕጂ መብጽዓ ንእቶ።**

**ኣብ እግሪ ሓወልቲ ሙሴን ዮውሃንስን፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ልዕሊኦም ዘውረዶ ስቅያትን ሞትን ዓመታቱን ዝገልጽ ጽሑፍ ክነቐምጠሉ መደብ ሓወልቲ ንሓንጽጽ።**

**ብ1ይ ደረጃ፡ ክቡር የማነ ተኽለገርግሽ፡ ሙሴን ዮውሃንስን ክሳብ 1985፡ ወርሒ 6፡ ብሂወት ኣብ ቤት ማሰርቲ ከምዝነበሩ ኣረጋጊጹ፡ እዚ ምስጢር ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ዲሰምበር 20፡ 2013 ንደቀባት ዝሓበረ ብምኳኑ፡ ስሙ ኣብቲ ጽሑፍ ናይ ሓወልቲ ከምተዘክሮ ክጥቀስ ይግባእ።**

**ብ2ይ ደረጃ፡ ፎር 12፡ ናይ ዓይኒ ምስክር ብምኳን፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕብኦም ስለዝሃበና፡ ንሱ'ውን ስሙ ብኻልኣይ ደረጃ፡ ኣብቲ ሓወልቲ ክጥቀስ ይግባእ። ታሪኽ ሙሴን ጆንን፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ኩሉ መሪርን ጥዑምን ታሪኽ ዝሓቆፈ ክኸውን፡ ክንጽዕረሉ ይግባእ።**

**ብተወሳኺ፡ ኀደናታት ሙሴ ተስፋሚካኤልን ንዮውሃንስ ስብሃቱን፡ ኣብ ኩሎም ከተማታት ኤርትራ ንኽዕምብቡ፡ ክንጽዕረሎም ይግባእ።**

**ክብረት ይሃበለይ።**

**ሃይለ መንገሻ ዑቕበ**
**Remembrance Day፡ 2016**